# ቤተ-መንግስቲ ዘዕንቁ ንጉሰ-ነገሰት ዘኢትዮጵያ ሃፀይ ዮሃንስ መቐለ ሎማዓንቲ ብዕሊ ተኸፊቱ

ብያሬድ አለምሰገድ
ትግራይ ኦንላይን 20/12/2008 ዓ.ም



ቅድሚ 4 ዓመት ንሕድሳት ተዓፅዩ ዝነበረ ቤተ-መንግስቲ ዘዕንቁ ንጉሰ-ነገሰት ዘኢትዮጵያ ሃፀይ ዮሃንስ መቐለ ሎማዓንቲ ብዕሊ ንግልጋሎት ክፍቲ ኾይኑ፡፡

ሃፀይ ዮሃንስ ኣብ ዝተፈላለዩ ከተማታት ኢትዮጵያ 8 ዝኣኽሉ መንበረ-ዙፋን ቤተ-መንግስቲ አለዎም፡፡ ብፍላይ ኣብ ከተማ ደብረ-ታዎርን አጉላዕን ዝርከቡ ቤተ-መንግስቲ ሃፄ ዮሃንስ ሕድሳቶም ዛዚሞም ኣብ ቀረባ እዋን ንተጠቀምቲ ክፍቲ ከምዝኾኑ ትፅቢት ይግበር፡፡

ካብ ኩለን ወረዳታት ቤ/ፅሕፈት ቱሪዝም ዝመፁ ዕዱማት ኣጋይሽን ዓበይቲ ዓድን ሚድያን አበዝተረኸብሉ ብኽብሪ ስርሑ ዝጀመረ እዚ ማእኸል ሙዘየም ካብ ሎሚ ጀሚሩ ንበፃሕቲ ክፉት ኮይኑ ኣሎ፡፡ኣብዚ ስነ-ስርዓት ዝተረኸባ ወ/ሮ መዓዛ እስቂኤል ኣብ ምምሕዳር ቤተ-መንግስቲ  ናይ ሙዝየምን ቅርሲ ሓለዋን ግልጋሎትን ዳይሬክቶር ከምዝበለኦ ሕድሳት እዚ ቤተ-መንግስቲ ከምቲ ዝነበሮ ሕድያቱ እንከይተቐየረ ንኽስራሕ ብዙሕ ፃዕሪ ተገይርሉ እዩ፡፡ ናውቲ ካብ ውሽጢ ዓዲ ሰብ ጥበብ/ጠቢባን ህንፃ/ ካብ ውሽጢ ዓዲ ብምግባር ጥንታዊ ናውቲ ሕድሕድ እዚ ታሪኻዊ ተፀኒዑ ብኸመይን ብምንታይን ከምዝተሃነፀ ብምርኣይ ወፃእተኛታት ሰብ ምርምር ስነ-ህንፃ ምኽራዊ ሓገዝ እናተለገሰና ንዛ ዕለት በቒዕና ኣለና ኢለን፡፡



**ንመዘከርታ:**

ፈላሚት አሚን ሃፀይ ዮሃንስ ተወላዲት ክልል ዓፋር ተኸታሊት እምነት እስልምና እንትኾና ወ/ሮ ያኩሚ ብ1860 ዓ.ም ሓደ ውላድ ለጊሰናሎም ክሞታ ክኢለን እየን፡፡ መፅናዕትታት ከምዝሕብርዎ ወይዘሮ ያኩሚ ብሰንኪ ወሊድ ከምዝሞታ እዩ ዝሕብር፡፡